# ተዘካሪ ጥቕስታት ጋዜጣታት ኤርትራ፡

## 1942-1962




*መቕድም ብኣለምሰገድ ተስፋይ*

ብ13 ነሓሰ 1942፡ ወተሃደራዊ ምምሕዳር ብሪጣንያ ኣብ ኤርትራ ካብ ዝትከል ኣብ ዓመትን ሰለስተ ወርሑን፡ ዜጋታት ኤርትራ ዜናታት ዓለም ዝከታተሉሉን ርእይቶታቶም ዝገልጹሉን ጋዜጣ ብትግርኛን ዓረብን ንኽሕተም ፈቐደ። ቅድሚ'ዚ፡ መግዛእቲ ኢጣልያ ንዓኡ ዝመስል ዕድል ስለ ዘይከፈተ፡ ናይ ኤርትራ ሰሙናዊ ጋዜጣ ናይ ፈለማ ብኤርትራውያን ዝእለ ናይ ጽሑፍ መራኸቢ ኾነ።

ኣብተን ቀዳሞት ገጻት ናይ'ዚ እኩብ ጽሑፍ፡ ተዘካሪ ጥቕስታት ጋዜጣታት ኤርትራ፡ 1942-1962፡ ክልተ ነገራት ንዕዘብ። ቀዳማይ፡ ኢጣልያ ዓፈናቶ ዝጸንሐት ልቦና ህዝቢ ይኹን ናይ ምጽሓፍ ብቕዓቱ፡ ብመጋረጃ ተጐልቢቡ ከም ዝጸንሐ ጽቡቕ ትርኢት በርሃው ኢሉ ክቕላዕ ንርኢ። ኣብ ዝቐደመ ሓምሳን ዝያዳን ዓመታት ተመሳሳሊ ዕድል ረኺቡ እንተ ዝኸውን፡ ብፍላይ ስነ-ጽሑፍ ትግርኛ ኣበይ ኮን ምበጽሐ ኢልካ ንምስትንታን ዝድርኽ ጥበብን ስፍሓትን ኣረኣእያን እውን ነስተማቕር።

እቲ ኻልኣይ እንዕዘቦ፡ ኣብዘን ፈለምቲ ዓመታት 1942-1962፡ ኣብ መንጎ መላእ ህዝቢ ናይ ትምህርቲ ሃረርታ፡ ሓድነትን ሓባራዊ ምዕባለን ስልጣኔን ሰፊኑ ከም ዝነበረ እዩ። ሽሕ'ኳ 1944 ብሪጣንያውያን ኣመሓደርቲ ህዝቢ

ብዛዕባ መጻኢ ዕድሉ ንኽዝቲ ፍቓድ እንተ ሃቡ፡ ገለ ወገናት'ውን ናይ ሕብረት ምስ ኢትዮጵያ ጭርሖ ከልዕሉ ይስምዑ እንተ ነበሩ፡ ገና'ቲ ፍልልያት ስለ ዘይዓመቼ፡ ቃና ናይቲ ቛንቋ ልስልስ ዝበለን ናብ ልዝብ ገጹ ዝዘዙን እዩ ነይሩ።

ኣብ ነሓሰ 1944፡ ናይ ሽዑ ኣመሓዳሪ ብሪጋዴር ሎንግሪግ፡ "ሓደ ኤርትራዊ" ብዝብል ናይ ብርዒ ስም፡ ኤርትራ ኣብ መንጎ ኢትዮጵያን ሱዳንን ንኽትምቀል ኣሚሙ ነይሩ። ዛጊት፡ ብዛዕባ ሓድነት ህዝቢ ኤርትራ፡ ምስናይ ኩሉ ናይ ወለዶን ሓረግን ምትእስሳራቱ ካብ ዝተዘርበ ዓበይቲ ቓላት፡ ነቲ እማመ ሎንግሪግ ዘለዓዓሎ ዋሕዚ ሓሳባት መግለጺ ፍቕሪ ሃገርን ህዝብን ሓድነትን ዝዳረግ ናይ ካልእ እዋን ጽሑፋት ምርካብ ቀሊል ኣይኮነን። ኣስላማይ ይኹን ክስታናይ፡ ደላይ ሕብረት ይኹን ናጽነት ኣብ ሓንቲ ሓሳብ ዝሰመሩላን መንግስቲ ብሪጣንያ ኣብቲ ውጥናቱ ሰኸኽ ንኽብል ዘገደደትን ታሪኻዊት መሰጋገሪት እያ ነይራ።

ነገር ዝመጸ፡ መንግስቲ ኢትዮጵያ ብኣፍልጦን ፍቓድን ምምሕዳር ብሪጣንያ ኢዱ ኣብ ጉዳይ ኤርትራውያን ምስ ኣእተወ፡ ፖለቲካ ኤርትራ ብኣኡ መጠን ክገማማዕ ምስ ጀመረ እዩ። ካብ ክፍላ 1945፡ ብፍላይ ድማ ድሕሪ ፍሽለት ዋዕላ ቤት ጊዮርጊስ፡ ሕዳር 1946 እምበኣር፡ ቋንቋ ፖለቲካ ኤርትራ ተናኻሲ እናኾነ ኸይዱ። ኣብ መወዳእታ ናይቲ ዓመት'ቲ እተን ዓበይቲ ፖለቲካዊ ሰልፍታት - ኣል ራቢጣ፡ ሕብረት ምስ ኢትዮጵያ፡ ኤርትራ ንኤርትራውያንን ፕሮ ኢጣልያን - ምስ ቈማን ኩለን ነናተን ጋዜጣታት ምስ ኣጥረያን፡ እቲ ፍልልያተን እናገፍሐ፡ ምስኡ ድማ ቃና ናይቲ ቛንቋ እናተባልሐ ከይዱ።

ካብ መጀመርታኡ፡ ቋንቋ ሕብረታውያን ደሃልን ኣፈራራሕን እዩ ነይሩ። ምስ ምምስራት ኣል ራቢጣ ጉዳይ ሃይማኖት፡ ምስ ምስረታ ፕሮ ኢጣልያ ድማ ምምላስ ፋሺስቲ ፖለቲካዊ ኮይኑ ስለ ዝተባህለ ድማ፡ ብፍላይ እቲ ግብረ ሽበራዊ ዘመተታት ብመደብ ዘካይድ ዝነበረ ማሕበር ኣንድነት ናይ ዘረባ ኵናት'ውን ስለ ዝጀመረ፡ ቋንቋ ፖለቲካ ኤርትራ ሕልፍ ብዝበለን ቅጥዒ ብዝሰኣነን ቃላትን ሓረጋትን ተበረዘ። እዚ ምስ ኣጓነፎ፡ እቲ ናይ ናጽነት ወገን ናቱ ረሳናት ተማጕትቲ ስለ ዘይሰኣነ፡ እንሓንሳብ እቲ ዓንቀጻት ኣብ ናይ ቃላት እምባጋሮ ኣትዩ ንረኽቦ። ግን ኣብዚ እኩብ ጽሑፍ'ዚ፡ እቲ ጥቕስታት ብዘይ'ቲ መንቀሊ ዝኾና ፍጻሜታት ተንጠልጢሉ ስለ ዝጥቀስ፡ ከደናግን የብሉን።

እዚ ይኹን'ምበር፡ እቲ ኽትዕ ዝቐስቀሶ ምብልሓት፡ ብፍላይ ንቛንቋ ትግርኛ፡ ደረጃታት ኣስጊሩዎ ነይሩ እዩ። ኣውራ ኽኣ ጋዜጣታት ሓንቲ ኤርትራን ድሃይ ኤርትራን ንትግርኛ ዝተሓላላኸን ዘመናውን ኣምራት ሓርነትን ደሞክራስን ክትገልጸሉ ናብ ትኽእል መራኽብን መረዳድእን ክብ ከም ዘበላኣ፡ እቲ ካብኣተን ዝተወስደ ጥቕስታት ምስክር እዩ። ጥቕስታት ሰውት ኣል

**ራቢጣ እውን ብቛንቋ ዓረብ ብቑዓት ጸሓፍቲ ተጠርዮም ከም ዝነበሩ ዘረድእ ሓሳባት ኣብዚ ጥቕስታት ሰፊሩ ኣሎ። ወጻኢ ካብ ፖለቲካ፡ እቲ ብዛዕባ ማሕበራዊ ናብራ፡ ታሪኽን ያታታትን ዝወጽእ ዝነበረ ዓንቀጻት፡ ሕጂ'ውን ከም መወከሲን መምሃሪን ከገልግል ዳግም ክምርመር ዝግባኦ እዩ።**

**ምስ ምዕጻው ደሃይ ኤርትራን ሰውት ኣል ራቢጣን ኣብ እዋን ፈደረሽን፡ ድምቀት ናይቲ ቛንቋ ብርኡይ ክሃስስን ጋዜጣ ዘመን ናብ ኣሰልካዪትን ደጋጋሚትን ዘረባ ንጉስን መንግስትን ከተንቈልቍልን ንረኽባ። እዚ ድማ፡ ቋንቋታት ኤርትራ በቲ ዝበለጸን ዕቑር ዓቕሞምን ሃብቶምን ንኽገልጹ ዘኽእል ናጻ ሓሳባት ናይ ምልውዋጥን ኣብ ሓሳባት ናይ ምፍልላይን መሰል ብመንግስቲ ኢትዮጵያ ተሓኺኹ፡ ርእይቶ ህዝቢ ኣብ ኢድ ሳንሱራት ድሕሪ ምእታው ዝተኸስተ እዩ።**

**ተዘካሪ ጥቕስታት ጋዜጣታት ኤርትራ፡** 1942-1962 **ክትንበብ ከላ፡ እዚ ኣብ ላዕሊ ዝተባህለ ኣብ ግምት ክኣቱ የድሊ። ኣስፊራቶ ዘላ ጥቕስታት፡ ኣብ ዝሓለፈ ልዕሊ ዓሰርተ ዓመት ብኣባላት ፕሮጀክት ታሪኽ ካብ ናይቲ እዋን ጋዜጣታት ዝተመርጸ እዩ። እዚ ንክኸውን፡ ዳርጋ ብምሉኡ ዓንቀጻት ናይቲ እዋን ጋዜጣታት ክንበብ ነይሩዎ። ነዚ ብምስልሳሎም፡ ኩሎም'ቶም ናይዚ ዕማም'ዚ ተሳተፍቲ ምስጋና ይግባኦም።**

**ኣብ መወዳእታ፡ ምስቲ ናይ ቋንቋ ዓረብ ፍልጠቱ ሓዊሱ፡ ነዚ ስራሕ'ዚ ኣርቲዑን ሓዲሽ ጥቕስታት ወሲኹን ኣብ ፍጻሜ ዘብጽሖ ንርኣዮ ባህረ ምስጋናን መጕስን ይብጽሓዮ።**

**ኣሕተምቲ ሕድሪ**

ኣስመራ 2015